# ንተቓውሞ ኤርትራስ፡ ምናልባት ከኣ 2006 እንተ ሓሸት.....?

ብገርጊስ መ.

ንኤርትራ ብዝምልከት፡ 2004 ዓ.ም. ከም ምሕላፉ ሓሊፉ። እንቛዕ ከኣ ሓለፈት! እዛ እንተሓሓዛ ዘሎና 2005ከ?

መልሰይ እ..ን..ድ..ዒ..ኸ? ኢዩ። ዘተኣማምን ሓበረታ ዘይብለይ ጥራይ ዘይኮንኩስ፡ ድሮ ንድሮ ተስፋ ዘየውህብ ንፋሳት ሽው-ሽው እናበለ ከጽምመንን ኣስሓይታ ቀ`ሪ ኣብ ማዓናጡ ከብደይ ከእትወለይ ብምጅማሩን፡ ኤህ እናበልኩ፡ 2006ከ ከመይ ክትከውንያ ኣብ ምባል ክኣቱን ኻልእ ትጽቢታት ከማዕዱን ዝተረፈኒ የብለይን። ንኣባሃህላይ ከብርሆ ክፍትን ኢዩ።

ዝሓለፈት ዓመት (2004) ጨሪሳ ተስፋ ኣይነበራን። ኣብ ውሽጢ ዓዲ ብዘሎ ስርዓት ምልእቲ ሃገር ባዲማስ፡ እቲ ሓዲሽ ወለዶ ካልእ መዕለቢ ቦታ ምንዳይ ዝጀመረላ ክፍእቲ ዓመት ነይራ።

ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ሓይሊ ተቓውሞ ኣብ ዝገደደ ህውተታ ተዋሒጡ ኣሕሊፉዋ። ብውልቀሰብ ደረጃ ይኹን ብውድብ ደረጃ፡ ኣብ ቃልሲ ምድካም ኣሎ፤ ምውሓድ መቓልስትን ስእነት መሳርሕን እውን ይዕንቅፈካ። እዚ ግን ኣብ ቃልሲ ዘጓንፍን ክትጽመሞ እትኽእልን ጉዳይ ኢዩ። ብ2004 ኣብ ቃልሲ ተቓውሞ ኤርትራ ዝበቖለ ተርእዮ ግን (ሓቂ ክንዛረብ እንተኾንና) ኣዝዩ ኣሰካፍን ኣነዋርን ነይሩ። ኤረ ካብቲ ገለገሊኡስ ከምዚ ስዒቡ ዘሎ ዓይነት ቋንቋ`ኛ እየ ክሰምዕ ሓገየ፡-

1. ወላ ሓዊ ይእተዋ እንበር እዛ ርግምቲ ሃገር! እተቓለሰስ እንታይ ረኺቡላ?
2. ዶብ? እንታዩ ጉዳይ ዶብን ልዑላውነትን ንዓይ! እዚ ነቲ ጻሕታር ጸገማት ዝኾነ ዲያብሎስ ኢሳያስ ጥራይ ኢዩ ዝምልከት። (እሕሕ!)
3. ቀዳማይ ጸላኢና ኢሳያስ፤ ቀዳማይ ጸላኢ ዓባይ ጐረቤትና ንሱ። ሰለዚ ወላ ብሓይሊ ይደርዕምዎ፤ ድሓር ሃገርና ከይተተንከፈት፡ ከይተቑርመመት፡ ከይተዋረደት ኣብ ኢድና የስተልሙና። (- ዓጀብ!)

እዚ ግን ዘይሓላፍነታዊ ኣበሃህላ ምንባሩ ወላ እቲ ባዕዳዊ (እቲ ወጻእተኛ) ከይተረፈ ዘለለዮን፡ ድሒሩ ስግኣቱ ዝገለጸሉን ኢዩ፡፡ ዝኾነ ኾይኑ፡ እቲ ተቢዑ እተቓለሰሉን፡ ውራይ ልዑላውነት ንኢሳያስ ጥራይ ከምዘይምልከት ዘረጋገጸ ተቓዋሚ ባእታታትን ውድባትን ኣብ መወዳእታ ሰሙናት 2004 ሓውሲ ጻምኡ ክረክብ ዝጀመረ መሲሉ ተራእዩ፡፡ ከመይ እታ ብዙሕ ሻቕሎ ዘለዓዓለት ዓመት ኣብ ኣጋ ምውድኣ እተማሓየሽን ዝማዕበለን ሓድነት ተቓውሞ ይመጽእ ኣሎ ኢላ ኣበሲራ ነይራ፡፡ ካብቶም ግርህ ኢሎም ብዙሕ ትጽቢታት ዝገበሩ ሓደ ኣነ ኢየ ወይ ከኣ ነይረ።

ገለገል ካብቲ ትጽቢታተይ ካብ ዋዕላ ውድባት ኣብ ካርቱም፥-

1. መራሕትን ውድባትን ተቓውሞ፥ ነቲ ናይ ውልቅን ናይ ጉጅለን ትጽቢታት ከምኡ ኸኣ ህርፋናት ንግዚኡ ዕሸሽ ኢሎም፥ ናይ ዓወት እስትራተጂ ክሕንጽጹ።
2. ሕመረት እቲ እስትራተጂ ከኣ፥ ኣውራ ምኽሳብ ምሉእ ደገፍ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዘሎ ህዝቢ ክኸውን፡፡
3. እቲ ተዓጢቕና እንቃለሰሉ ዝነበርናን ዘሎናን ናይ ማዕርነትን ፍትሕን ዲሞክራስን ዕላማታት ዝዕወት፥ ከም ቀደምና ሓቢርና ምስ እንቃለስን ናይ ሓባር ምኺኑ ምስ እንቕበልን ድኣ እንበር ነቲ ጉዳይ ሃገርን ምሉእ ህዝብን ብወገንን፥ ቋንቋን፥ ሰማያዊ እምነታትን ፈላሊና ምስ እነቕምጦ ሳዕቢናቱ ካልእ! ካልእ! ምኺኑ ከይስሓት።
4. እቲ ድኽመታት ዝቐደመ ምሕዝነት ኣብ ትሕዝቶ ቻርተሩን ዲሞክራሲያ ዘይሓለወ ቅርጻ ስርዒቱን ብምንባሩ፥ ነዚ ጉድለታት ኣሪሞም ሓዲሽ መዓወቲ መንገዲ ከትሕዙና፡፡

እዚ ተስፋታትን ትጽቢታትን ናይ ኩላትና ኣይኮነን ድዩ? ዋዕላ ውድባት ኣብ ካርቱምከ ከዔውቶ ሃቂኑዶ?

ኣይትሓዙለይ ድኣንበር እቲ ዝስማዕ ዘሎ ቅንጥብጣብ ወሬታት ተስፋ ዝህበኒ ኣይኮነን፡፡ ተጋግዬ ክህሉ ከኣ ተስፋ እገብር።

እታ ድሒራ ትጽቢት ክግበረላ እተነግረትና ዕለት 4 ለካቲት 2005 ከኣ እንታይ ለውጢ ከም እተምጽእ ክንጽበ ኢና፡፡ እንተይዘይኮነ ን2005 ኣብ ሓዲሽ ዕንክሊል ኣሕሊፍና ካልእ ዝሓሸ ዘመን ንጽበ፡። 2006?? እንታይሞ! ተስፋይስ ዘይምቕራጽ።

እንደጌና ርሑስ ሓዲሽ ዓመት።